ሓበሬታ ብዛዕባ መጠን ክፍሊት
WA CARES FUND

WA Cares ውሱን መጠን ናይ ዕድመ ረብሓ ስለ ዝህብ፡ ነቲ ረብሓታትኩም ብጥንቃቐ ክትውድብዎ የድለየኩም እዩ። እቲ ረብሓ ንዝነውሐ ግዜ ምእንቲ ከገልግለኩም፡ ከም **ኣብ ገዛ ዝወሃብ ክንክንን ደገፍን** ዝበሉ ዝተሓተ ዋጋ ዘለዎም ኣገልግሎታት ተጠቒምኩም ናይ ክንክን ድሌታትኩም ከተማልኡ ትኽእሉ ምኳንኩም ሕሰብዎ። ዋጋ ኣገልግሎታት ከከም ዝነብሩሉ ቦታን ከምኡ’ውን ከከም ናይ ክንክን ድሌታትኩም ክፈላለ ከም ዝኽእል ኣይትረስዑ። ሓደ ኣቕራቢ ኣገልግሎት ቅድሚ ምምራጽኩም፡ ካብ ብዙሓት ኣቕረብቲ ናይ ዋጋ ግምታት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ነፍሲ ወከፍ ዝሸፈን ኣገልግሎት ወይ ደገፍ ዝለዓለ ተመን (maximum rate) ኣለዎ። ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ካብቲ ዝተወሰነ ዝለዓለ ተመን ንላዕሊ ክሓቱኹም ኣይፍቀደሎምን እዩ፣ ከምኡ’ውን ተወሳኺ ክፍሊት ካብ ጁባኹም ክትከፍሉ ክሓቱኹም ኣይክእሉን እዮም።

ኣገልግሎታትን ደገፍን ክንደይ ዋጋ ክህልዎም ከም ዝኽእል ሓፈሻዊ ሓሳብ ንምርካብ ነዚ ታሕቲ ዘሎ ዝርዝር ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። እዚኦም ተመናት ናይ ዝኾነ ኣገልግሎት ዋጋ ውሕስነት ኣይህቡን እዮም።

እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ wacaresfund.wa.gov/rates. ተወከሱ።

ናይ ምትዕርራይ መሳርሒታትን ቴክኖሎጂን

ናይ ኣገልግሎት ስም	ልሙድ ናይ ዋጋ ክልል	ዝለዓለ ተመን
ናይ ምትዕርራይ መሳርሒታትን ቴክኖሎጂን	ደገፍ ዝህቡ ናይ ቴክኖሎጂ ኣቕሑት፡ ከም ናይ መድሃኒት፡ ድሕንነት፡ ምርኣይን መራኸቢ መሳርሒታትን፡- ንሓደ ኣቕሓ ክሳብ $15,450 (ብልሙድ ንሓደ ኣቕሓ ካብ $500 ትሕቲ)	$15,450 ንሓደ ግዚ
	ደገፍ ዝህቡ ናይ ቴክኖሎጂ ኣገልግሎታት፡- $200 ንሓደ ኣገልግሎት	
	ሕክምናዊ መሳርሒታት፡- $10-$3,000 ንሓደ ኣቕሓ	
	ናይ ሽቓቕ መሳርሒታት፡- $15-$3,000 ንሓደ ኣቕሓ	
	ንምቁጽጻር ዝሕግዙ ቀረባት፡- $10-$250 ንሓደ ኣቕሓ ኣብ ወርሒ	
	ፍሉያት መሳርሒታትን ቀረባትን (ሕክምናዊ ዘይኮኑ)፡- $10-$5,000 ንሓደ ኣቕሓ	
	ናይ ተሸከርካሪት ምምሕያሻት፡- ንሓደ ምምሕያሽ ክሳብ $15,450	

ደገፍ ናይ ተጠቃሚን ኣለይትን		
ናይ ኣገልግሎት ስም	**ልሙድ ናይ ዋጋ ክልል**	**ዝለዓለ ተመን**
ናይ ዓበይቲ መዓልታዊ ክንክን፡ ናይ ዕረፍቲ ክንክን (respite care) ሓዊሱ	$75-$338 ኣብ መዓልቲ ናይ ዕረፍቲ ክንክን (Respite)፦ $11 ኣብ 15 ደቒቕ	$338 ኣብ መዓልቲ
ናይ ዓበይቲ መዓልታዊ ጥዕናዊ ክንክን	$75-$338 ኣብ መዓልቲ	$338 ኣብ መዓልቲ (ምሉእ ናይ 8 ሰዓታት ስራሕ መዓልቲ ዘርኢ እዩ)
ሕማም ምርሳዕን ናይ ባህሪ ደገፍን	$25-$42 ን 15 ደቒቕ ($100-$168 ኣብ ሰዓት)	$42 ኣብ 15 ደቒቕ($168 ኣብ ሰዓት)
ትምህርትን ምምኽኻርን	ስልጠናን ምምዕባል ክእለትን፦ ክሳብ $83ን15ደቒቕ ($320 ኣብ ሰዓት) ኣብ ጭብጢ ዝተመርኮሱ መደባት፦ $200-$1,040 ንሓደ መደብ	$83 ኣብ 15 ደቒቕ($320 ኣብ ሰዓት) $1,040 ንሓደ መደብ
ናይ ገዛ ስራሕን ጉዳያትን	$5-$16 ኣብ 15 ደቒቕ ($20-$64 ኣብ ሰዓት) ኣብ ወርሒ ክሳብ $412	$16 ኣብ 15ደቒቕ($64 ኣብ ሰዓት) ካብ $412 ኣብ ወርሒ ክበልጽ የብሉን
ስራሕቲ ጽርግያታትን ምውጋድ በረድን	$10-$36 ኣብ 15 ደቒቕ ($40-$144 ኣብ ሰዓት) ኣብ ወርሒ ክሳብ $412	$36 ኣብ 15ደቒቕ($144 ኣብ ሰዓት) ካብ $412 ኣብ ወርሒ ክበልጽ የብሉን

ኣብ ገዛ ዝወሃብ ናይ ውልቀ ክንክንን ኣብ ገዛ ዝወሃብ ናይ ዕረፍቲ ክንክን (RESPITE CARE) ኣገልግሎታትን		
ናይ ኣገልግሎት ስም	**ልሙድ ናይ ዋጋ ክልል**	**ዝለዓለ ተመን**
ትካላት ናይ ገዛ ክንክን	$8.75-$12 ን 15 ደቒቕ ($35-$48 ኣብ ሰዓት)	$12 ኣብ 15 ደቒቕ ($48 ኣብ ሰዓት)
Consumer Direct Care Network Washington (ኣስራሒ ውልቃዊ ኣቕረብቲ ክንክን)	ስሩዕ ተመን፦ $9.81 ኣብ 15 ደቒቕ ($39.24 ኣብ ሰዓት) ናይ ስድራቤት ተመን (ኣብ ሰሙን ካብ 20 ሰዓታት ንታሕቲ ዝሰርሑ ኣባላት ስድራቤት ንዝቐጽሩ ተረባሕቲ ዝወሃብ)፦ $7.97 ኣብ 15 ደቒቕ ($31.88 ኣብ ሰዓት) ⓘ ተመናጥ ዝተወሰኑ እዮም፣ ብቐጻሊ እውን ክቀያየሩ ይኽእሉ እዮም።	

መግቢታትን መጓዓዝያን		
ናይ ኣገልግሎት ስም	**ልሙድ ናይ ዋጋ ክልል**	**ዝለዓለ ተመን**
ናብ ገዛ ዝመጹ መግቢታት	ብኣካል ዝወሃብ ምርኽኻብ፦ $8-$9 ንሓደ መግቢ ብፖስጣ ዝለኣኽ ምርኽኻብ፦ $8.50-$16 ንሓደ መግቢ	$16 ንሓደ መግቢ
መጓዓዝያ	$35-$50 ንሓደ ግዜ ምውሳድ (pickup)፡ ምስ $3-$5 ንሓደ ማይልን ተወሳኺ ዋጋታት ንናይ ምጽባይ ግዜ፡ ካብ ሆስፒታል ምስጋግ፡ ዓይነት ተሽከርካሪት፡ ካብ ስሩዕ ሰዓታት ወጻኢን ካልኦትን። ማእከላይ ዋጋ ናይ 6 ማይል ናይ ሓባር ጉዕዞ (rideshare)፦ • ዋሽንግተን (Washington)፦ $25-$28 • ሲያትል (Seattle)፦ $35-$38	ምስ ናይ ማይል ወይ ናይ ጉዕዞ ዋጋታት ተደሚሩ፡ ንኣገልግሎት መጓዓዝያ ኣብ ወርሒ ክሳብ $412 ብመሰረት ፈደራላዊ ናይ ማይል ተመን ኣብ ወርሒ 260 ማይላት

ጥዕናን ድሕንነትን		
ናይ ኣገልግሎት ስም	**ልሙድ ናይ ዋጋ ክልል**	**ዝለዓለ ተመን**
ምትሕብባር ምስግጋር ክንክን	$120-$374 ኣብ ወርሒ	$374 ኣብ ወርሒ ክሳብ ክልተ ተኸታተልቲ ኣዋርሕ
ብነርሲ ዝውከል ስራሕ (Nurse delegation)	$10-$16 ን 15 ደቒቕ ($40-$64 ኣብ ሰዓት)	$16ኣብ15 ደቒቕ ($64 ኣብ ሰዓት)
ሞያዊ ነርሲንግ (Skilled nursing)	$10-$36 ኣብ 15 ደቒቕ ($40-$144 ኣብ ሰዓት)	$36 ኣብ15 ደቒቕ ($144 ኣብ ሰዓት)
ናይ ውልቀ ስራሕ ነርሲንግ	$25-$68 ኣብ 15 ደቒቕ ($100-$272 ኣብ ሰዓት)	$68 ኣብ15 ደቒቕ ($272 ኣብ ሰዓት)

ድሕነት ገዛ

ናይ ኣገልግሎት ስም	ልሙድ ናይ ዋጋ ክልል	ዝለዓለ ተመን
ናይ ከባቢ ምምሕያሻት	ንኣጠቓቕማ ዝተመቻቸዉ ሽቓቓትን መደቀሲ ክፍልታትን፦ $100-$35,000	ክሳብ እቲ ምሉእ መጠን ረብሓ
	ንኣጠቓቕማ ዝተመቻቸወ መብራህቲ፦ $20-$6,000	
	ባዕሎም ዝክፈቱ ማዕጾታት፦ $400-$6,000	
	ኣብ ናሕሲ ዝተገጠሙ ናይ ምልዓል መሳርሒታት (Ceiling track lifts)፦ $1,500-$8,000	
	ምግፋሕ ማዕጾታትን መተሓላለፊ መገድታትን፦ $300-$40,000	
	ናይ ህጹጽ እዋን መውጽኢታት፦ $2,600-$5,600	
	መላገቢ ሓጹር (Grab bars)፦ $85-$500	
	መንደልሃጽ መገድታት (Ramps)፦ $1,000-$5,000	
	ናይ መደያይቦን ገበላን መሳርሒታት ምልዓል (lifts)፦ $1,500-$6,000	
ገምጋም ድሕነት ገዛ	$200-$300 ኣብ ሰዓት	$47 ኣብ 15 ደቒቕ፡ ካብ $300 ክበልጽ የብሉን
ስርዓት ግብረ-መልሲ ህጹጽ ሓደጋ ውልቀ-ሰብ	ገጠማ (Installation)፦ $0-$103 ወርሓዊ ኣገልግሎት፦ $19-$40 ተወሳኺ ኣገልግሎታት (መዘኻኸሪታት መድሃኒት፡ መለለዪ ቦታ ጂ-ፒ-ኤስ (GPS)ን መለለዪ ውድቀትን ዊሱ)፦ $10-$43	ገጠማ (Installation)፦ $103 ወርሓዊ ኣገልግሎት፦ $85 ኣብ ወርሒ

ኣብ ትካል ዝወሃብ ክንክን

ናይ ኣገልግሎት ስም	ልሙድ ናይ ዋጋ ክልል	ዝለዓለ ተመን
ናይ ዓበይቲ ናይ ስድራቤት ቤት (Adult family home)፡ ናይ ዕረፍቲ ክንክን ሓዊሱ	$135-$473 ኣብ መዓልቲ	$473 ኣብ መዓልቲ
ደገፍ ዝወሃበሉ ናይ መንበሪ ትካል (Assisted living facility)፡ ናይ ዕረፍቲ ክንክን ሓዊሱ	$125-$562 ኣብ መዓልቲ ናይ ዕረፍቲ ክንክን (Respite)፦ $6 ኣብ 15 ደቒቕ	$562 ኣብ መዓልቲ
ቤት ክንክን ሕሙማት (Nursing home)፡ ናይ ዕረፍቲ ክንክን ሓዊሱ	$260-$556 ኣብ መዓልቲ ናይ ዕረፍቲ ክንክን (Respite)፦ $6 ኣብ 15 ደቒቕ	$556 ኣብ መዓልቲ
ኣብ ደገፍ ዝወሃበሉ ናይ መንበሪ ትካል ዝወሃብ ናይ ዝኽሪ ክንክን (Memory care)	$125-$624 ኣብ መዓልቲ	$624 ኣብ መዓልቲ